# ኣገዳሲ ሓበሬታ ፓልቶክ

## Paltalk Eritrean Room @Fidel One

ኣለና፣ ኣብ ዝሓለፉ 20 ክፋላት ጽሑፋት “ትልሚ፣ ንዘርኢ ክርዳድ” ንዝነበሩ ፖለቲካዊን ታሪኻውን ትንታነታት ሓፈሻዊ ገምጋም ክገብር ኢዩ። ሓጺር ታሪኽ ህዝባዊ




ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ /ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ/ ካብ 1970 ክሳብ ዕለተ-ናጽነት ብመሪሕነት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ እንታይ ይመስል ነይሩ? ጉዕዞ ኢሳይያስ ካብ ዕለት ምስላፉ ክሳብ ሎሚ ብከመይ ንርእዮ? ስለምንታይ ኢዩ ኣብ ልዕሊ ጀጋኑ ኤርትራውያን ተኸታተልቲ ቅንጸላታት መሪጹ? ካብ ምምስራት ሰልፊ ህግደፍ 1994 ክሳብ 1998 ኲናት ባድመ፣ ደሓር’ውን ክሳብ ዓመተ-2001 ሎሚን ብመንጽር ኣዒንቲ ህዝቢ ኤርትራ ብከመይ ዝኣመሰሉ ጥውይዋያትን መሸጎራጉራትን ይጓዓዝ ከም ዝነበረ ሰፊሕን ውድዓዊን መብርሂ ክገብር ኢዩ። ጉዳይ ዝምድና መንግስቲ ኢትዮጵያን ውድባት ኤርትራን፣ ጉዳይ ጎረባብቲ ህዝብታት ኤርትራን ትግራይን፣ ብሄራዊ ውደባ፣ ብሄራዊ ዕጥቃዊ ቃልሲ፣ ኣብ ቅድሚና ዘሎ ብድሆታት ብከመይ ኢና ክንሰግሮ? ወ.ዘ.ተ…

ካብ ተኸታተልቲን ሰማዕቲን ናይ ዝሓለፉ ጽሑፋትን ህሉው ኩነታት ሃገርናን ብዝምልከት ንዝቐርቡ ሕቶታት፣ ጉዕዞ ደምበ ኣለና እንታይ ይመስልን ብከመይ ይቕጽልን? ስለምንታይ ብናይ ብርዒ ስም ምጽሓፍ ተመሪጹ ጸኒሑ፣ ኣብዚ ድምጺ ኤርትራውያን ብሰንኪ ስርዓት ህግደፍን መሰልቱን ጨብረቕረቕ ኮይኑሉ ዘሎ እዋን ብከመይ ኢና ናብ ትርግታ ልቢ ህዝቢ ኤርትራ ክነዳምጽ እንኽእል?

እቶም ንኤርትራ ሎሚ ኣብ ዘመነ-ኣካሒዳ ዝመርሑዋ ዘለዉ ቁንጣሮ ላዕለዎት ሓለፍቲ ህግደፍ እንታዎት ኢዮም?…መዓስን ብከመይን ኢዮም'ከ ተኣኻኺቦምን ገቢሎምን? ምስሊ ኤርትራ /ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ዲፕሎማስያዊ/ ኣብ ቅድሚ መስትያት ዓለም ከመይ ኣሎ፣ ስለምንታይ? ሎሚ ተራ ኣዘዝቲ ሓይልታት ምክልኻልን ሰራዊት ኤርትራን እንታይ ኪኸውን ይግበኦ፣ ተራ መንእሰያት ኤርትራውያን ኣብ ስደት ብከመይ ይወደብ…ውድቀት ኢሳይያስን ዳግማይ ሂወት ህዝቢ ኤርትራን ብከመይ ኣገባብ ኢዩ ዝረጋገጽ? ወ.ዘ.ተ… ንምብራህ ንቀዳም ዕለት 26 መጋቢት 2011 ኣብ ፓልቶክ ኤርትራውያን **“ፊደል ዋን”** /Fidel One/ ብኣቆጻጽራ ለንደን /GMT/ ካብ ሰዓት 7:00 ድ.ቀ. ጀሚሩ ሰፊሕ መብርሂ ክቕርብ ስለዝኾነ ምክትታልኩም ብኣኽብሮት ንዕድም።

ብደሓን ምጽኡ

ዓወት ንዲሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ!

Paltalk Eritrean Room, Fidel One